# ይብፃሕ ንዲሞክራሲያውያን ሕብረት ተጋሩ፤ ሰሜን
# ኣሜሪካ ኣቦመምበር

እወ፤ ሓሶት ምድጋም ሓቂ የብሉን ኣይተ ማኣኸለ። ሓሶት ምድጋም ሓቂ ዘይብሉ ምዃኑ ብተግባርኩ
ምን ብልሳንኩምን ዝተረጋገፀ እዩ። እቶም ናይ ቁጠባውን ህልው ኩነታት ትግራይን መግለፂ ክህቡ ዝ
መፁ መራሕቲ ክልል’ምበር ውልቀሰባት ከምዘይኮኑ ተረድኡልና ዳኣ ኣይተ ማኣኸለ። መቸም በዓል ጣ
ፍ ዶስ በዓል ኣፍ፤ ዝብልዎ ምስላ ንዓኹም ዝተመሰለ እዩ ዝመስል። ይትረፍ ካብ ማሓውሩ ዝወፁ
ደቁ፤ እቲ ጨፍጫፍን ኣረመኔያዊ በላዕ ሰብ ወታሃደራዊ ደርጊ እውን ህዝቢ ትግራይ ምዕፋን
ኣይተኻእለን።

ህዝቢ ትግራይ ተዓፊኑ ኢልኩም ክትዛረቡ፤ ህዝቢ ትግራይ ደንቆሮ እዩማለትኩም ድዩ? ንናይ ስልጣን
መሳልል እውን ህዝብና ኣይተቓለሰን። ኣይተ ማኣኸለምናልባት ዓዲ ኬድኩም ስለዘይትፈልጡን ቀደም
ኢህኣፓ እናሃለኹም ስለትፈልጥዎን፤ ኩነታት ዓድና ኬድኩም ምስ ራኣኹሞ እንተውሬኹም’ዶ ኣይመሐሸ
ን። ብመሰረቱ ህዝቢትግራይ ንምንታይ ከምዝተቓለሰ እውን መብርሂ ዘድልየኩም ኢኹም ትመስሉ። ህዝ
ቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ኢድን ጓንትን ኮይኑ ዝተቓለሰሉ ምኽንያት ንሰላም፥ ንዲ
ሞክራሲያዊ መሰሉ፥ ንሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ከምኡውን ንማዕርነቱ ምዃኑ ግልፂ ይኹነልኩም።

እቲ ጥረ ሓቂ፤ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ህወሓት ዘይኮኑስ፤እቶም ካብ ደም ምፍሳስ ናብ ደም ምፍሳስ
ከሰጋግርዎ ዝፅዕሩ፤ ምስ ደርጋውያንን ናይ ቀይሕ ራዕዲ ተዋሳእትን ተሓጋገዝቲን ኮይኖም ክበታተን፤ ከ
ይሓብርን፥ ዓዱ ከይሃንፅን ጎስጓስ ዝገብርሉ ዘለው፤ ከማኹምን ከማኹም ዝበሉን እዮም። ኣይተ ማኣኸ
ለ፤ ናይኩም ሓሶት ደረት የብሉን። ነዙይ እውን መረዳእታን መርኣያን ክኸውን ዝኽእል፤ጠቕላይ ሚኒስ
ተር መለስ ናይ ህዝቢ ትግራይ ፀላኢ ኣይኮኑን። ምናልባት ብዛዕበኦም እንተለፍለፍኩም ክንደኦም ዝኣኸ
ልኩም እናመሰለኩም እንተኾይኑ መፅሐፊኹም ምኽንያት ዘለዎ ጉዳይ እዩ ክበሃል ይከኣል። ጠቕላይ
ሚኒስተር መለስ ግን ኣብ ሃገርና ሰናይ ምምሕዳርን ዲሞክራሲን ክነግስ፤ ሰላምን ምርግጋእን ክፍጠር፤
ከምኡውን ልምዓትን ዕብየትን ክመፅእ ካብቶም ላዕላዕን ታሕትን ዝብሉ መራሕቲ፤ ሓደ’ምበር ክዳዕ ኣ
ይኮኑን። ከዳዕን መደናገርን ዝበሃል ከማኹም ዝበለ ውልቀሰብ እዩ። ኢህኣፓ ኮይንኩምዓንዲርኩም፥ ምስ
ቶም ውድብ ረጊፆም ዝወፁ በዓል ገብሩ ኣስራትኣቃጢርኩም፤

ምስ ናይ ትምክሕቲ ሓይልን ሰዓብቶምን ኣጣቕዕኹም፤ ሕዚ ድማ ምስ ናይ ደርግን ቀይሕራዕድን ጉጅ
ለ ዝኾነ ቅንጅት እንተተሰለፍኩም፤ ንህዝቢ ትግራይ ይኹን ንመላእ ህዝቢኢትዮጵያ ትፈጥርዎ ክንዲ ፍ
ረ ጣፍ ፀገም የለን። ብፍላይ ሃምበርገር ምብላዕ  ካብ ትጅምሩ’ማ ኩሉ ነገር ዝረሳዕኽሞ ኢኹም ት
መስሉ። ከም በዓል ዶ/ር ጎበዘ ትማሊ ኢትዮጵያ እድሚኹም፤
ሞይታ እያ ኢልኩም ቀቢርኩም ዝመፃኹም፤ ሎሚ እውን ተጋሩነንሕድሕድና ክንበታተን ትገብርዎ ዘለኹ
ም መደረ፤ ውግዘት እኺ ዝግበአኩም እንተኾነናይ ማማያት ሕልሚ ምዃኑ ኣይትረስዑ፤ ኣይተ ማኣኸለ

ሓንቲ ጠቓሚት ሕቶ ክሓተኩም ዝደሊ፤ ብቕድሚትማሊ ምስ ኢህአፓ፤ ትማሊ ምስ በዓል ገብሩ ኣስራ ት፤ ሎሚ ምስ ደርጋውያን ቅንጅትን ናይ ትምክሕቲ ሓይሊን፤ ፅባሕ'ኸ ምስ መን ከምትስለፉ'ዶ ክት ነግሩና ትኽእሉ? መቸም በታኒን ፀላኢ ህዝቢን ጥራሕ ዘይኮንኩምስ ልክዕ'ኹም ዘይትፈልጡ ዕላማ ዘይ ብልኩም ተጋላባጢ ምኺንኩም ብህዝቢ ትግራይ ብጠቕላላ ድማ ብህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ዝተተፋእኹም ከርደአኩም ናይ ግድን እዩ። መራሕቲ ህዝቢ ክልል ትግራይ ይኹን መላእ ኢትዮጵያ ግን ንስኹም ዘይ ኮንኩም ትዕቅንዎም፤ ህዝቢ ዝግምግሞም ጉዳይ እዩ።

ብብሄራዊን ክልላውን ምምሕዳር ትግራይ ዝምራሕ ልኡኽ፤ ናይ መራሒና ጠቕላይ ሚኒስተር መግለፂ'ም በር ናይ መን መግለፂ ዳኣ ሒዞምክመፁ ይግባእ?ናይ ቅንጅት ወይስ ናይ ኢህአፓ? ኣይተ ማኣኸለ፤ ና ብ ልብኹም ተመለሱ ከይብለኩም ልብን ኣእምሮንዘለኩም ኣይትመስሉን። ልብኹምን ኣእምሮኹም ከም ኡውን ዓይንኹም ብናይ ውልቀሰባት ፅልኣት፤ ናይ ስልጣን ፅምኣት ተደፊኑ እዩ።እዙይ ክበሃል ዝኽእለ ሉ ምኽንያት ድማ ሚዛናዊ ዝኾነ ሓሳብ ምምንጫው ብዘይምኽኣልኩምን፤ ተጋላባጢ መስመር ሒስኩም ምስጓምኩም፤ ክሳብ ሎሚ ክተመሓይሹ ዘይምኽኣልኩም እዩ። እዚ መልሲ እዙይ ክምልሰልኩም ዝኻኣ ልኩሉ ምኽንያት፤ "ኣፍኩም ሓዙ፤

ኢንታኹም ፍለጡ፤ እቲ ጅግና ህዝቢ ትግራይ ይኹን መላእ ህዝቢኢትዮጵያ ብሽማኹም ዝበለ ድንጉር ፍዞ ርእሱን ዝላዓልህዝቢ ኣይኮነን"ዝብል መልእኽቲ ንምሕላፍ'ምበር ጠቓሚ ፅሑፍ ስለዝፃሓፍኩም ኣይ ኮነን። መራሕቲ ህወሓት ህዝቢ ናብ ሓደ ክመፅእ ኣይደልዩን ኢልኩም። እዙይ ናትኩም ሓሳብ እምበር ናይ ወየንቲ ሓሳብ ክኸውን ኣይክእልን። ህዝቢ ፈላልዮም ናብ ስልጣን ክድይቡ ዝደልዩ ህዝቢ መምዩ ፈሊጥዎም እዩ። እቶም ከዳዓት ድማ ወያነ ዘይኮኑስ ከማኹም ዝበለ ምስ ኩሎም ናይ ትምክሕቲሓይሊ ግምባር ፈጢሩ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዳግማይ ደም ምፍሳስ ዝጋብዝዎ ዘሎው እዮም። ወየንቲ ትግራይ፤ እቶም ጓሓሉት ኢህኣፓ፥ኢዱ፥ ጀብሃ፥ ደርጊ፥ ሻዕብያ ኮታስ፤ አለው ዝበሃሉ ኩሎም ናይ ትምክሕቲ ሓይልታትንፀረ ህዝብን ደምሲሶም፤ ዲሞክራሲዝተኸሉ እዮም። ሕዚ እውን እንተኾነ ከማኹምን ከም ኣ ብርሃ ያየህን መልሓስኩም እንተወልወልኩም፤ ቆርጥምዎ። ኣይተ ማኣኸለእኳዳኣስ ኣብዚ ኮይንኩም ካብ ትልፍልፉ፤ ከም ዘመድኩም ኣብርሃም ያየህ አስመራ አቲኹም ቤት ፅሕፈት ዘይትኽፍቱ? Action Speaks Louder ይብሉ ምዕራባውያን። ንፁር መስመር ይሃልኹም፤ ፍርቂ ቓልሲ የለን።

ንስኹም ድማ ሓዲኡ ሓዙ። ክልተ ነገር እናዘባረቕኩም ምኻድ ክሳብ ሎሚ ዘምፀአልኩም መፍትሒ የለ ን። ሓደ ግዜ ፖለቲካ ኣይጠቅምን ብቁጠባዊ መዳይ ንዛረብ ትብሉ፤ ብኻልእ ወገን ድማ ሓምሳን ሓ ሙሽተን ግዜ ብፖለቲካ ትገላበጡ። ከም አብሾ ዘስተየት ላሕሚ ዓነይነይ ኣይትበሉ። ኣብዝኾነ ይኹን

ጉዳያት ምልኽባጥ ውፅኢት ክህልዎ ዝኽእል ጉዳይ ኣይኮነን። ስለ ዚድማ ቀቢፀ ተስፋ ትባሃሉ ንስኹም እምበር መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣይኮኑን። ንሱኹም ቀለብኩምን ስንቅኹምን ዘረባን በለካ ለኽዓካን ይኹን። መራሕቲ ኢትዮጵያ ግን ንዓኹምዝኸውን ግዜ የብሎምን መዛርብትኹም'ውን ክኾኑ ኣይግበኦምን፤ ስረሖም እዮም ዝገብሩ ዘለው። ትማሊ ብሃገራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝምራሕ ልኡኽ እውን ምስ ተጋሩዘ ካይዶ ኣኼብኡ ፅፉፍን ብዝሳኻዕ መልክዑን ዛዚሙ እዩ። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያድማ ዲሞክራሲ ይህነፅ፤ ልምዓት ይረጋገፅ፤ ሰናይ ምምሕዳር ይትከል፤ ይምስረት፤ ኣሎ። ብኢንዱስትሪ ዕብየትን ለውጥን፤ እናተ ራእየ ድማ፤ ፍቕርን ሰላምን ምርግጋእን ዘለዋ ምችውቲ ኢትዮጵያ ንምህናፅ ወፍሪ ኣብ ዝግበረሉ ብርከ በፂሕና ኣለና'ሞደስ ኣይበልኩም ኣይተ ማኣኸለ መንገሻ።

ሰናይ ቅነ ንኹላትና እምነ!!

ቀንዲ ፀላኢና ድኽነትና እዩ!!

ንልምዓትን ዕብየትን ኢድና ንዘርግሕ!!

ካብ፤ ዘመን ሕድሩ

ሲያትል ዋሽንግተን

DISCLAIMER: The views and opinions of the authors expressed herein do not necessarily state or reflect ethioobserver position. ethioobserver does not exercise any editorial control over the information therein. ethioobserver cannot accept any responsibility or liability for any actions taken (or not taken) as a result of reading the material displayed.